# ዋዕላ ኣምስተርዳም

ዋዕላ ኣምስተርዳም ካብ ዝካየድ እንሆ ዳርጋ ካልኣይ ሰሙን ሒዙ ይርከብ። ዋዕላ ኣምተርዳም ንኤርትራውያን ዝሓቖፈ ዋዕላ'ምበር፣ ንጀብሃን ሻዕብያን፣ ወይ ድማ ኣስላማይን ክርስትያናይን፣ ከበሳን ቆላን ዝበለ የልቦን።

እዚ ኩሉ ትብልዎን ትጽሕፍዎን ንሸፋትኩም'ኹም። ጀብሃን ሻዕብያን ታሪኽ ብረታዊ ተጋድሎና ከም ዝኸነ መጠን ንተምክሮታትና ብኽመይ ንግልገለሉ'ምበር ብኸምይ ነዚ ሃብታም ተምክሮታት ነጥፍኦ ዝብል ሓሳብ የብለይን። እዚ ተምክሮታት ድማ ነናቱ ኣሉታውን ኣውንታውን ታሪኻት ኣለዎ'ዩ።

ሰላም ዝደሊ ማዕጾ ሰላም'ዩ ዝኰሕኵሕ'ምበር፣ ሰላም ባዕላ መጺኣ ትኳሕኵሕ ኣይበሃልን'ዩ። ሕጂ ድማ ጉዳይ ሓድነት ንዝምልከት ሓድነት ዘይኮነትስ እቶም ንሓድነት ዝደልዩ ባእታት፣ ቅድሚ ኩሉ ክግበርዎ ዝግበኦም ጉዳይ ንህዝቦም ኮነ ነቶም ከምኦም ዝበሉ ደለይቲ ሓድነት ከይደኸሙን ከስይሰልከዩ ክደልይዎምን፣ ኣብ'ቲ ምዕቡል ትብልዎ ዘለኹም ሱታፌ ሓድነት ክሳተፉ ብግቡእን ንጹርን ግሉጽን ከማኹርን ክነግሩን፣ ብዓይብዩ ድማ ነቲ ዓንዲ ሕቆ ቃልሶም ዝኾነ ህዝቦም ጉዳዮም ከካፍልዎም ከም ዝነበሮም ምኽሪ ዘድልዮ ጉዳይ ኣይመስለንን።

ዋዕላ ኣምስተርዳም ርኢይቶ'ም ንዝሃቦ ውልቀው ሰባት ይኹኑ ካልኦት፣ ብደገፌቲ ህ.ግ.ደ.ፍ ካብ ምጽዋዕ ነጥቢ ብነጥቢ ካብ'ቲ ጌጋ  ዘስፈርዎ ሓሳባት ክካተየምን፣ ከትረድኦምን፣ ንባዕልኻትኩም'ውን ነፍሰኹም ከካትዑ ይግባእ ነይሩ።

ሎሚ ከም'ቲ ህ.ግ.ደ.ፍ ንጸረ ሓሳባቶም ዝሃበ ወያነ ዝብልዎ፣ ንሸፋትኩም ድማ ተጠሊዕ ኹም፣ ንዋዕላ ኣምስተርዳም ርእይቶ ዝሃቡ ህ.ግ.ደ.ፍ ክትብልዉ፣ ዘመልክዓልኩምን ዘጸብቐልኩምን ኣይኮነን።

ብፍላይ ከኣ ከም'ቲ ኣብ መግለጺኹም ዘሎ፣ ካዕቦ ምሁራትን ፖለቲካውያን፣ ኣረጋውያን ተኣካኺብኩም ክነሱኹም፣ ነዚ ብደገ ዝመጻኩም ነቐፌታን ፍሉይ ሓሳብን ተቐቢልኩም ብተጸዋርነት ክትእንግዱን፣ ካብ ሓሊፉ ድማ ክትኻላኸሉን ክትብድሁን ዘይትኽእሉ፣ ኣማስይኡ ኣብ ጸርፍን ካልእ ጉዳይን ትኣትዉ ብኸምይ'ዩ እቲ ናትኩም ደረጃ ትምህርቲ ክቁጸር።

ኣብ'ቲ ዋዕላ ከም ዝተዘርበ፣ ትብሉስ ኤ.ዲ.ኪ ዝተዛረበሉን፣ ዝዛረበሉን ዘሎ ናይ ሕብረ ብሄራውን ሃይማኖታትን ዝኸነት ኤርትራ፣ ሓደ ምዕለቢ ምዕርፋ ክረኽበሉ ዝቃለሰሉ ዘሎ፣ ኪኢልኩም ኣብ ክንዲ ሓገዝኩም ርእይቶኹምን ምውካፍ፣ ከም ኣብ ዋዕላ ኣምስተርዳም ሓድሽ ተርእዮ ዝተረኽበ ከተምስሉ ኣብ ዋዕላ ኣምስተርዳም ለበዋ ከም ዝቀረበሉክምን ክትቃለስሉ ምኳንኩም ሓቢርኩ። እምበር ዶ እቲ ኣብ ኤርትራን ከባቢኣን ብፍላይ ድማ ኣብ ኤ.ዲ.ኪ ኣብ ውስጡ ዝካየድ ዘሎ ናይ ሓድነታዊ ቃልሲ ትከታተልዎን ትስዕብዎን ኣለኹም ?

ህዝቢ ኤርትራ ዘዛርቦን፣ ኣብ'ዚ ደረጃ ናብራ ኣብጺሕዎ ዘሎ ኩነታት ሰንኪ ሓድነት ዘይምህላዉ'ዩ። እቲ መስርሕ ሓድነት ከኣ ብዝተፈላልየ መንገዲን ምኽንያትን ዘልሓጥሓጥ ክብል ድሕሪ ምጽንሑ፣ ኣብ 1999 ምሕዝነት ተመስሪቱ፣ ምሕዝነት ኣይሓየለን፣ ከም'ቲ ገገለ መራሕቲ ኣብ ዋዕላ ኣምስተርዳም ዝተሳተፉ ዝበልዎን ዝጸሓፍዎን ምሕዝነት ብናይ ባዕሉ ውሽጣዊ ጉዳያት ደኺሙ ዝበሉ'ዮም፣ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ግን ኤ.ዲ.ኪ ተመስሪቱ ብዝሓሸ ቅርጻን መምርሕን ተተኪኡ እንሆ ኣብ ስራሕ ይርከብ።

እዚ ሙሉእ ብምሉእ'ኳ እንተዘይተባህለ ካብ'ቲ ገገለ ትጽቢታትና ዝተማልኣሉ ጉዳይ፣ ሓደ ምቅርራብ ውድባትን ኣብ ሓደ ግንባር ኮይንካ ናይ ምቅላስ ኣብ ትሕቲ ሓደ ጽላል መሪሕነት ምውሳእ፣ ዋዕላ ኣምስተርዳም ሙሉእ ድገፍ ሂቡ ክቅጽል ዝነበሮ'ዩ። እቲ ቀንዲ ዘረባ ዘንቀለ ከኣ ነዚ ናይ ሓድነት መስርሕ ካብ መስመሩ ንኸይወጽእን መንታ

ዘረባ ከይኾነና ብማለት ንዓኻትኩም ምኽርን ሓሳብን ዝቀረበ እዩ። ግን ንሸኻትኩም ደጊም ሎሚ ብዘይካና ናይ ቃልሲ መሪሕ የልቦን ክትብሉ ጀሚርኩም። እሞ ደኣ ንስካትኩም እንዲኹም ትፍክሩን ትምክሑን ዘለኹም። እሞ ሃየ ፈኸራን ትምክሕትን ዘዋጽእ እንተኾይኑ !!!

ወዮ ደኣ ደግፍቲ ህ.ግ.ደ.ፍ እዮም ዝጻብኡናን ዝጻረሩናን ዘለዉ ትብሉ ኣለኹም'ምበር፣ ንሸኻትኹም ባዕልኹም ቐጥ ቢሉኩም እንደኹም ስራሓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ሒዙኩም፣ ባዕልና ንሓድነት፣ ባዕልና ንፍትሒ ትብሉ ዘለኹም፣ ጽሑፍኩም ተመሊስኩም ንበብዎ።

13 ውድባት ተኣኪበን ክነሰን፣ ነዚ ከም'ዚ ኣብ ኣምስተርዳም ዝተኻየደ ኣኼባ ብፍላይ ዶር/ ፍስሓጽዮን መንግስቱ ዝጸሓፎ፣ ትምክሕትን ኣንነትን ሰሚዔን ኣንቢበን ኣይፈልጥን።

ኣብ ኤ.ዲ.ኪ ዘለዉ ሙሁራት ዶክተራትን ውሑዳት ኣይኮኑን፣ ግን እቲ ሕቶ ፍትሒ ናይ ምምጻእ፣ ጉዳይ ሓድነት ኣብ ህዝቢ ናይ ምስራጽ ብተግባር ናይ ዝስርሓሉ ኣገባብን ኣንፈትን ምድላይን'ምበር ካብ ዝተፈላልየ ናይ ዝተኣካኸቡ ምሁራት ቁጽሪ ምግላጽ ኣይመስለንን። ኣብ ጉዳይ ኤርትራዊ ብረታዊ ተጋድሎን ሓርንበታዊ መስርሕን ከኣ ካብ ህዝቢ ንላዕሊ ክገልጾ ዝኽእል ኣሎ ኣይብልን። ብኣንጻሩ'ኳ ደኣኣ እቲ ህዝቢ ክሕተትን ድሌት እቲ ህዝቢ ክፍጸምን እቲ ዝዓበየ ሕቶ ናብኡ እንተዝግደፍ ክንደይ ምስ መሓረ ነቢሩ።

እቲ ሕቶ ስለምንታይ ዋዕላ ኣብ ኣምስተርዳም ተኻይዱን ተፈጺሙን ኣይኮነን። ኣብ ዝተፈላለየ ቦታት ኤውሮጳ ዝተኻየደ ኣበይቲ ኤርትራዊ ዋዕላታት'ውን ነይሩ እዩ። እቲ ጉዳይ ግን ማእከል ናይ'ቲ ሕቶ ዝኾነ ህዝብን ውድባትን፣ ናይ ግሉጽን ቅኑዕ ኣሰራርሓን እዩ።

ከም ኣብ ዕትሮ ዝኣተወት መብራህቲ፣ ዋዕላ ኣምስተርዳም ድማ ዝገበሮ እንተገበረ ዋዕላ ናይ'ቶም ኣብ'ታ ውሽጢ ዕትሮ ዝነበሩ'ምበር ኣናይ ክልኦት ከም ዘይኮነን ከም ዘይከውንን፣ ክኸውን'ውን ከም ዘይክእል ነቶም ምሁራት ዝበሃሉ ክበርሃሎምን ክግለጸሎም ይግባእ።

ሓደ ካብ'ቶም ተሳተፍቲ ዝነበሩ ኣቶ ቀለታ ኪዳነ ብዛዕባ ዋዕላ ካስል፣ ካብ'ቶም ክንደይ ዘውጉሃዮምን ዘንጸርጾሮም ሰባት፣ ክሳብ ለይቲ ሎሚ'ውን ዘየገደፎ እዮም። እሞ ሓደ ሕያዋይ ሃታቲ ረኺቦምስ ብኸምይ ኣብ'ዚ ዋዕላ ኣምስተርዳም ከም ዝተሳተፉን ዝተጸንበሩን እንተተሓቲቶምን፣ ንካልኦት ከም ዘንጸርጽሮምን ዘጉህዮምን እንተዘይፈሊጦም፣ እቲ ቅድሚ ሕጂ ዘጉሃዮምን ዘዛረቦምን ዘጻረፎም ቅምነገር ከም ዘይብሉ ምንባሩ ጥራሕ'ዩ ክፍለጥ ዝኽእል።

ግን እቲ ጉዳይ ሚዛን ንዕኦም ጥራሕ ገዲፍና ንሓልፎ ዘይኮነስ፣ ናትና ባዕላዊ ሚዛን ግን ከኣ ሓፈሻውን ህልውን ኣብ ግምት ብምእታው ነዚ ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ ምንባብ ጥራሕ ኣኻሊ ንብል።

**ይቕጽል**

28 ሰነ 2006
ኣንቶንዮ ተስፋይ